ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ንናይ ፖሊስ ቤት ፅሕፈት ዝረከቡ ናይ ሕጊ እሱራት ወይ ድማ ተጠርጠርቲ ንበጀት ዓመት 2019 ዓም ካብ ፊኖ ዝተሰርሐ ዳቦ 100 ግራም ምካኑን ብናይ ባዕሉ ሚዛን ኣብ ፖሊስ ጣብያ እናመዘነ ወይድማ እናረጋገፀ ከቅርብ ዝክእል ግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክንዕድግ ንደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ሓምለ 6, 2018 (ቅድሚ 4 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሓምለ 24, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:20000
- ቦታ:ሽረ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:500
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሓምለ 24, 2018 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኣቅርቦት ምግቢ / ካፌን ሬስትራንትን/

1 ናይ 2018 ዓምን 2019 ዓም ዝተሐደሰ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎን ብቅዳሕ ገይሩ ከቅርብ ዝክእል

2 ናይ ግብሪ መክፈሊ መለለይ ቲን ናምበር ዘለዎን ብቅዳሕ ገይሩ ከቅርብ ዝክእል

3 ናይ 2018 ዓም ን 2019 ዓም ዝተሐደሰ መቅረባይነት ደብተር ዘለዎን ብቅዳሕ ገይሩ ከቅርብ ዝክእል

4 ጨረታ ሰነድ ካብ 3/11/2018 ዓም ክስብ 24/11/2018 ዓም ናይ ስራሕ መዓልቲ ኣብ ዘሎ እዋን ዝርዝር ሰነድ ጨረታ ካብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ኣብ ቀበሌ 03 ኣብ ዉሽጢ ኣዳራሽ ሃፈቶም ግቢ ዝረከብ ቤት ፅሕፈትና ብምምፃእ ብር 500 ዘይምለስ እንዳከፈለኩም ክሳብ ዕለት 24/11/2018 ዓም ሰዓት 3:00 ክወስድ ዝክእል

5 ጨረታ ዕለት 24/11/2018 ዓም ልክዕ ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4:30 በዓልም ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረክብሉ ይክፈት

6 እቲ ሰነድ ጨረታ በቲ ኣብ ምልክታ ዝተገለፀ መሰረት ኣማሊኡ እንተተረኪቡ ብዘይልዉሉ ንምክፋት ዝዓገት ነገረ የለን

7 ናይ ጨረታ መክበሪ ናይ ዳቦ 20000 ብር ብጥረ ገንዘብ ወይ ብስፒኦ ከትሕዝ ዝክእል

8 ኣብቲ ጨረታ ሰዓራይ ምካኖም ምስተረጋገፀ በቲ መምርሒ መሰረት ዉዕል ክኣስረ ዝክእልን ብፅሬትን ሰሌጤንን ዳቦ 100 ግራም ምካኑ ብናይ ባዕሉ ሚዛን ሰሪሑም ከቅርቡ ዝክእሉ

9 ቤት ህንፀትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ መሉእ ብመሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንተወሳኪ ሐበሬታ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle